

# ካላይ ንኣትክልቲ ትዛረቦም


Ursula Nafula

Jesse Pietersen


Daniel Berhane Habte


2

ትግርኛ ti



እዚኣ ካላይ ትብሃል። ካላይ ሸውዓተ ዓመት እዩ ዕድሚኣ። ብቋንቋኣ፡ ቋንቋ ሉቡኩሱ ትርጉም ናይ ስማ ‘እታ ሕያወይቲ’ ማለት እዩ።



ካላይ ካብ ድቃሳ ተንሲኣ ንገረብ ብርቱኻን ትዛረቦ። “በጃኻ ገረብ ብርቱኻን፡ ገዚፍ ኴንካ እሞ ዕቡ ብዙሕ ዝበሰለ ፍረታት ብርቱኻን ሃበና።”



ካላይ ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግራ ትኸይድ። ኣብ መንገዳ ንሳዕሪ ትዛረቦ። “በጃኻ ሳዕሪ፡ ልሙዕ ኬንካ ብቑል ኣይትንቀጽ ድማ።”




ካላይ ነቶም ዕምባባታት መሮር ተላግሶም። “በጃኹም ዕምባባታት፡ ፍንሽርሽር በሉ እሞ ኣብ ጸጕረይ ክሰኹዓኩም።”



ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ካላይ ነቲ ኣብ ማእከል ቀጽሪ ዘሎ ገረብ ትዛረቦ። “በጃኻ ገረብ፡ ዓበይቲ ጨናፍር እሞ ኣብቍል ንሕና ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላልካ ኴና ከነንብብ።”



ካላይ ነቲ ንቤት ትምህርታ ከቢብዎ ዘሎ ሓጹር ትዛረቦ። “በጃኻ ሓያል ኩን እሞ ሕማቓት ሰባት ናብዚ ከይኣትዉ ዕገቶም።”



ካላይ ካብ ቤት ትምህርቲ ናብ ቤታ ምስተመልሰት፡ ነቲ ገረብ ብርቱኻን ትበጽሖ። “ፍረታት ብርቱኻን በሲልኩም ዶ?” ኢላ ካላይ ትሓቶም።



“እቶም ፍረታት ብርቱኳን ጌና ጉዕ እዮም ዘለዉ፡” ኢላ ካላይ ኣዕሚ፟ቛ ኣስተንፈሰት። “ጽባሕ የራኽበና ገረብ ብርቱኳን፡” በለት ካላይ። “ምናልባት ሽዑ ዝበሰለት ፍረ ብርቱኳን ትህበኒ ግዲ ትኸውን!”

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ካላይ ንኣትክልቲ ትዛረቦም


Ursula Nafula
Jesse Pietersen
Daniel Berhane Habte


CC BY